# መሰረት ሃገር: ዓዲ

(ሳልሳይ ክፋል)

ደቀባት ኮም 08.07.2006

**ድሕሪ ስድራ-ቤትካ ዓድ'ኻ ድሕሪ ዓድ'ኻ ወረዳ'ኻ: ድሕሪ ወረዳ'ኻ ኣውራጃ'ኻ ድሕሪ፡ ኣውራጃ'ኻ ከኣ ሃገርካ።**

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ኮይኑ፡ ዓዱን ባዕላዊ መንነቱን ኣጥርዩ፡ ከም ኩሎም ግዙኣት ህዝብታት ኣፍሪቃ፡ ነጻነቱ ንኽጐናጸፍ ኣብ ዝሸባሸበሉ እዋን'ዩ ነጻነቱ ተኸሊፉ። ካብኡ ቀጺሉ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእትን ጭቆናን፡ ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያን ሃጸያውያን ጕይተቶምን ክኣቱ ተቐሲቡ። ብድሕሪዚ ነጻነቱ ምስተሓድገ ከኣ፡ ቀልጢፉ ኤኮነምያዊ ምዕባሌኡ ክመክንን፡ ክረኽቦም ጀሚሩ ዝነበረ ዲሞክራስያዊ መሰላት ክሕደግን ክኢሉ። እዚ ከኣ ካብቲ ዝነበሮ ክልተ ስጕምቲ ንድሕሪት፡ ኣብ ትሑት ኤኮኖምያዊን ፖለቲካዊን መነባብሮ ክምለስ ተገዲዱ'ዩ። እዚ ጸገማትዚ ሃገራዊ ነጻነት ብምስኣን ጥራይ ዝመጸ'ዩ። ስእነት ሃገራዊ ነጻነት ከኣ፡ ከካብ <u>ዓዱ</u> ተበጊሱ ብረታዊ ቃልሲ ንኽልዕል ኣገዲዱዎ። እቲ ቀንዲ ንበረ'ኻ ከውጽኦ ዘገደዶ ግን ካብ ጥንቲ እናተወራረሰ ተዓቂቡ ዝጸንሐ <u>ርስቱን ዓዱን</u> ንኽዕቅብዩምበር፡ ወልፊ ቶኽስን ሽታ ባሩድን ዓጂቡዎ ኣይነበረን። እዚ ማለት ከኣ <u>መሰረት ሃገር ዝኾነ ዓዲ</u> ኣጥፊኡ "ብዞባ ማእከል ብዞባ ወሰን" ንኽትክኦ ዘይኮነስ፡ ነቲ ካብ ኣቦታቱን ኣቦሓጎታቱን እናተወራረሰ ዝጸንሐ <u>ብሉጽ ትካል ዓዲ</u> ብምዕቡል ኣገባብን ሓራ ኮይኑን ኣሓዲሱ፡ ንዝመጽእ ወለዶ ከመሓላልፎን ጥራይ ኣዩ ነይሩ።

እዚ ግን ብእምነትን ብባህግን ብለውሃትን ጥራይ ድኣንበር፡ ብመጽናዕትን ምርምርን ዝተሰነየ፡ ቅኑዕ <u>ስትራተጂ ዓዲ ሓንጺጹ</u> ኣይተበገሰን። ከምዚሉ ብኃነጽ ንበረ'ኻ ወጺኡ ጸረ ጭቖናን ምግዛእትን፡ ካብ ብ1961 ዓ.ም. ጀሚሩ ቃልሱ ከካይድ ጀሚሩ። በቲ ካብ መሰረቱ፡ ብቑዕ ዲሞክራስያዊ ይኹን፡ ብቑዕ መሪሕ ሽቃላይ ፓርቲ ኣጥርዩ ዘይፈልጥ፡ መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ እናተመርሐ ግን ብሃውሪ እቃለስ ኣሎ'ኹ እናበለ ንኮንቱ ጻሞ'ኻ ኤሳው ኮይኑ ተሪፉ። ልክዕዩ ነዚ ዓቢ ጕድለት'ዚ ብንቕሓት ተሰንዩ ንኽማላእ ብትብዓት ዝተቃለሱ ሓርበኛታት ደቂ ሃገር ኣብ ሰውራ ኣይነበሩን ማለት ኣይኮነን። ሕጂውን የለውን ክብሃል ኣይክኣልን እዩ። ብዙሓት ጀጋኑውንውን ተቐንጺሎምዮም፡ እቶም ካልኦት ከኣ ብእዋኑ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ሰሊሞም። እቶም ዝተረፉ ከኣ ገና ክንዕወት ኢና ብማለት፡ ዓሕ እናበሉ ቃልሶም ቀጺሎም ተሰዊኦምዮም፡ ብሕጂውን ገና ሓቦኦምን ኒሖምን ከይጸንቀቑ መንገዲ ሓቂ ሒዞም ገና ዝቃለሱ ዘለውን ኣልው። እቲ ሽዑ ዝነበረ ይኹን ሕጂ ዘሎ መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ ግን፡ ንሕልምን ድልየትን ሕዝቢ ኤርትራ ከተግብር ኣብክንዲ ዝብቅዕ፡ ኣብዚ ሕጂ ወዲቑዎ ዘሎ ደረጃ በጺሑ ኣሎ።

ኣብ ዝሕለፈ ዓመታት ኣቶ ሕሩይ ተድላ "እስትራተጂ ዓዲ" ዝብል ኣዋጅ ዘርጊሖም ከምዝነበሩ ዝዝከርዩ። ብዛዕባ ስትራተጂ ዓዲ ክትንትኑ ከለው ከኣ፡ ኣዚ መባእታዊ-ትካል፡ ዓዲ፡ ኵሎም ብደም ተኣሳሲሮም ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ዘለው ክርስትያንን ኣስላምን ደቀባት፡ ኤርትራ፡ ብፍቶቶምን ብድልየቶምን፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዘጥረዩዎ ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኮይኑ ግን ይብሉ ኣቶ ሕሩይ፡- ዓዲ ቀንዲ መለለዩ ደቀባትን፡ ቅዱስ ሰረት ሃገርን ኮይኑ፡ ክሳብ መንግስቲ ህግዲፍ ዝቕልቀል ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ ግን ብኣዝማሪኖታት ተመንዚዑ ከምዘሎ ይትንትኑ። ቀጺሎም ንኹሉ ወዲ ሃገር ከተሓሳስቡ እንከለው ኣቶ ሕሩይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ቅዱስ መሰረት ሃገር ዝኾነ ስትራተጂ ዓዲ'ዚ፡ ከም ዓላማ ወሲዱ፡ ብእኡ ተጠርኒፉ ምስዝቃለስ ጥራዩ፡ ከምቀደሙ መንነቱ ዓቂቡ ምዩቓ ከይበለ ኣብ ዓዓዱ ዋሕዝነት ዘለዎ ናብራ ክነብር ዝኽእል። ንሕና ከኣ እዚ ኣቐዲምና ብመጠኑ ዝገለጽናዮን፡ ሕጂውን ክበርህ ንደልዮ ዘሎናን፡ ካብ ቀዳማይ ክፋል ተበጊሱ ክሳብ 3ይ ክፋል በጺሑ ዘሎ፡ <u>ሰረት ሃገር ዓዲ</u> ዝብል ርእሰ ዓንቀጽ'ዚ፡ ካብቲ ኣቶ ሕሩይ ተድላ ተንቲኖሞ ዝነበሩ ዝፍለ ዘይኮነስ ንዓኡ ንምርጓድን ኣብ ግብሪ ዝትርጐመሉ ግዜ ንምቅልጣፍን ጥራይ እዩ። ንዕኡ መሰረት ገርካን ኣብ ግብሪ ተርጕምካ ምስትቃለስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቀሲኑ ክነብርን ጕዳዩ ክዓርፍን ከምዝኽእል ጥርጥር ስለዘይብልና ኢና። ህዝብና ከኣ ክሳብ ሕጂ ቅኑዕ ስትራተጂ ከይሓዘ ስለዝተቃለሰ እዩ ክሳብ ሎሚ ከይቀሰነ ዝነብር ዘሎ ብሃልቲ ስለዝኾና ኢና። ንራእዩ ህዝቢ ኤርትራ ዘግህድ ከኣ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ <u>ስትራተጂ ዓዲ ጥራሕ</u>

ምኽኑ ስለ እንኣምን ኢና። ብኻልእ ኣዘራርባ ከኣ፡ እቲ ትንተናና ነቲ ስትራተጂ ዓዲ ዝብል ራእዩ፡ ዘርጉድን ዘድንፍዕን ኮይኑ፡ “ኣቦይ ንገዝመይ ኣደይ ንጠስመይ“ እዩምበር፡ ነቲ ብኣቶ ሕሩይ ተድላ ኣቐዲሙ ዝተኣወጀ ተጻባኢ ኣይኮነን ንብል። እኳድኣ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲ ክጅምር እንከሎ፡ ስትራተጂ ዓዲ ከም ራእዩን መትከሉን ወሲዱ መኽትኡ ቀጺሉ እንተዝኸውን ነይሩ፡ ከምዚ ሕጂ ረኺቡዎ ዘሎ ጸገም ኣይምረኸበን ነይሩ ብሃልቲ ኢና። ማለት ከምዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ንዕዘቦ ዘሎና፡ ብዊንታ ሓደ ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ ዝተሓንጸጸ “ዞባዊ ስትራተጂ“ ዝይኮነስ፡ ቀዳሞት ኣቦታትና ብባህርያዊ ኣገባብ፡ ብዘይ ደም ምፍሳስ፡ ተኺሎሞ ዝጸንሑ ዘይምንቀስ ትካልዩ ንብል። ሕጂ ብመንነቶምን ብዓዶምን ዘይኮርዑን፡ ናይ መንነትን መበቆልን ቅልውላው ዘለዎም ኣዝማሪኖታት፡ ካብ ሱሩ ንኽምንቀሉዎ እናርኣና፡ ተዓዚብቲ ጥራሕ ክንከውን ሕልናና ስለዘይፈቐዶ፡ መንገዲ ዓወት ኣየናይ ምኻኑ ንህዝብና ካብ ምሕባር ስቕ ኣይክንብልን ኢና።

ዓዲ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብሽሉ ወዲ ኣውራጃታት ኤርትራ፡ ሕጊ ህልውናን ቅንዕናን ኣዎንታዊ ምልክናን ዝተረጋገጸሉ ከምዝነበረ እቶም ካብ 50 ንላዕሊ ዝዕድሜናደቂ ሃገር ኣርኪብናሉ ኢና። ነብሲ ወከፍ ወዲ ኣውራጃታት ኢርትራ ከኣ ዓዱን ኣውራጅኡን፡ ብዞባ ምቅያር ይትረፍስ፡ እታ ኣውራጃኡ ብሃሳስ ቀለም ተጻሒፉ ክርእያ ከሎውን ከቶ ኣይደልንዩ። ብሕልፊ ኣብዚ ዘመነ ኢህግዲፍ ግን፡ በቲ ሕገ-ኣልቦ ዝኾነ መደብ ዕዮታቱ፡ ነዚ መግለጺ መንነት ዝኾነ ትካል ዓዲ'ዚ፡ ክሓኮን ክድምስሶን ንርእዮ ኣሎና። ንሕና ግን ህዝቢ ኤርትራ ሽግሩ ክፍታሕ እንተድኣ ኮይኑ፡ ብዓዱን ወረድኡን ብኣውራጅኡን ክሕበንን ክኾርዕን፡ ነቲ ብቐስብ ኣብዘይልዓቱ ኣትዩ ዘሎ መለለዪ ሃገር ዝኾነ፡ እሞከኣ ካብ ውሉድ ወለዶ ክትሓላለፍ ዝጸንሐ፡ መዓርግ ዓዲ፡ ብሓቀኛ ጥርናፈ ተላዒሉ ከም ቀደሙ ክሳብ ዝምለስ ገና ቃልስና ቀጻሊ ምኻኑ ንህዝብና ብማሕላ መብጽዓ ንኣትወሉ።

ብወገን ህግዲፍ ዝውሰድ ዘሎ “ቅድም ዶብ ይተሓንጸጽሞ፡ ድሕሪኡ ሃገር ክሓልፈላ እዩ“፡ ዝብል ፕሮፓጋንዳ፡ “መርዓት ከይሓዛ ዓርኪ ሓዛ“ ኮይኑ፡ መሰረት ሃገር ዓዲ እናጥፋኣ፡ ንመንእሰይ ወሎዶ እናኣጽነተ፡ ንስድራቤታት ደም እናእንብዐን፡ ገንዘብን ንዋይን ህዝቢ እናመጸየን፡ መንነትን ባህልን ሃይማኖትን ኣናመንቀሰን፡ ትሓላቓይ ልዑላውነት ሃገር ኮይኑ ንኽርአ ዝጥቀሞ ዘሎ ረቂቕ ሜላ፡ ኮንቱ ሓሶትን ምድንጋርን ዝመልኦ ዓጀውጀ ምኻኑ፡ ኣብዚ እዋንዚ ዳርጋ ብዙሕ ወዲ ሃገር ፈሊጡዎ ኣሎ። እዚ መርዚ'ዚ ከኣ ዶብ ሃገር ቀዳምነት ስለዝወሰድካ፡ ተሓላዊ ልዑላውነት ንምምሳል፡ እቲ ሓቂ ግን ንህዝቢ ኣብ ባርነትን ዕርበትን፡ ኣእቲኻ መንነቱን ዓዱን መበቆሉን ከምዝርስዕ ምግባር፡ ዝተኣልመ ማእለማ እዩ። ጥዕና ዘሎዎ ፖለቲካ ኣይኮነን ከኣ ንብል።

ከም ግቡእ ግን፡ ሓደ ህዝቢ ነጻነት ረኺቡ ክበሃል እንከሎ፡ ቅድሚ ኵሉ ነጻነት ወይ ሓርነት ማለት እቲ ወዲ ዓዲ፡ ኣብታ ዝነብረላ ዓዱ መሰሉን ክብሩን መንነቱን ክሕሎ ከሎን፡ ናይ ዶብ ይኹን ድሕነት ሃገርን ህንጻ ሃገርን ባዕሉ ክውስን ከሎን ጥራይ ኣዩ ነይሩ። እዚ ብህግዲፍ ዝሑቔን ዘሎ ቶፋ ግን፡ ኣብ መወዳእትኡ፡ እቲ ብራሕ ዝሰትዩዎ ካልኦት ከምዝኾኑ፡ ብሕልፊ ኣብዚ እዋንዚ፡ ዝጠፍኦ ወዲ ዓዲ ዘሎ ኣይመስለናን።

እስከ ካብቲ ኣምር ናይ ዓዲ ውጽእ ኢልና፡ ምስ ጒዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝዛመድ ጒዳይ ዝነበረን ክልተ ሃገራት ብኸመይ ግርጭተን ከምዝፈትሕኦ ንተዓዘብ።

ነርወይ እትብሃል ሃገር፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ እስካንዲናቭያን ዝርከባ ሓያሎይ ሃገራት ሓንቲ ሃገር እያ። ኣብ ሓደ ዝተወሰነ መድረኽ ታሪኽ፡ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ ኣገዛዝኣ ስዊድን ተቖሪና፡ ዝተፈላለየ ብሔራዊ ጭቆናታት ዝበጽሓ ከምዝነበረት'ውን ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። እዚ ኣብ ህዝቢ ነርወይ ዝበጽሐ ጭቑና፡ ምስቲ ህዝቢ ኤርትራ ብገዝእቲ ኢትዮጵያ ዝጋጠሞ ዝመሳሰል'ዩ። ኣብ 1905 ዓ.ም.ፈ. እቲ ሽዑ ዝነበረ ባይቶ ሃገር ነርወይ፡ ካብቲ ሽዑ ዝነበረ ዘውዳዊ ኣገዛዝኣ መንግስቲ ስዊድን፡ ነጻ ንኽትከውን ኣዊጁ። እዚ ኵነታትዚ ብህዝቢ ነርወይ ንኽትግበር ምስተኣወጀ ከኣ፡ ገዝእቲ ደርቢ ስዊድናውያን፡ ከምቲ ኢትዮጵያውያን ገዝኣቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓልምዎ ዝነበሩ፡ “ኤርትራ ኣይትሸየጥን ኣይትልወጥን“ ዝብል ዝነበረ ፕርፖጋንዳ፡ ስዊድናውያን'ውን “ቅንጣብ መሬት ኖርወይ ካብ ስዊዲን ኣይትቍርመምንያ፡ ነርወይ ከኣ ካብ ስዊድን ኣይትፍለንያ“ ብዝብል ትምክሕቲ፡ ንህዝቢ ስዊድን ንሃገር ነርወይ ካብ ስዊድን መታን ከይትንጸል፡ ብኵናት ክምክት ከምዘለዎ ክተት ኢሎም ኣዊጆምሉ። ገስገስቲ ሓይልታት ደቂ ስዊድን ግን፡ ነዚ ገዛእቲ ሓይልታት ስዊድን፡ ዘውጽኡዎ ሽጣራዊ ኣዋጅ ብትብዓት “ሎሚ ኣይንኸትት ጽባሕ ኣይንኸትት“ ብምባል፡ ተባዕ ተቓውሞ ኣርእዮም ኮኒኖሞ። ካባኡ ቀጺሎም ከኣ ብሓርበኝነት ነቲ ህዝቢ ስዊድን፡ ኣንጻር መሰል ርእሰ-ውሳኔ ኖርወይ ንኽይልዓል፡ ሓያል ጎስጓስ ኣካይዶም። ነቲ ህዝቢ ከምዝበራብርን ብንቕሓት ጸኒዑ “እንቢ ንወረራ“ ከምዝብልን ኣእሚኖሞ።

ካባኡ ህዝቢ ነርወይ ምስቶም ኣንጻር ገዛእቲ ደርቢ ዝኾኑ ደቂ ስዊድን ተላፊኑ፡ ኣንጻር ኣዋጅ ዘውዳዊ መንግስቲ ስዊድን ጠጠው ኢሉ። ምስ ጸረ ገዛእቲ ደርቢ ዝኾኑ ደቂ ስዊድንውን፡ ደው ብምባል፡ ዓቢ ታሪኻዊ ግደ ተጻዊቱ። እዚ ማለት ከኣ፡ ክልቲኦም ተመሳሳሊ ጸገም ዘለዎም ጭቁኑናት ደርብታት ክልቲአን ሃገራት፡ ሓባራዊ ጸላእቲ ከምዘለዎም ተረዲኦም፡ ኣብ ሓባራዊ ጥቕምታት ክልቲኡ ህዝብታት ኣተኲሮም። ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝነበሩ ገስገስቲ ሓይልታት ከኣ፡ ዘተኣኣማምን ሓቀኛ ምሕዝነትን ምድግጋፍን ክገብሩ ክኢሎም። በዚ ኣገባቢውን ሃገር ነርወይ፡ ካብ ዘውዳዊ ኣገዛዝኣ ስዊድን ብዘይ ምፍሳስ ደም ሓራ ክትከውን ክኢላ። ሓድነት ህዝብታት ክልቲአን ሃገራት ከኣ፡ ብሳላ'ዞም ንቑሓትን ለባማትን ገስገስትን ሓይልታት ደቂ ስዊድን መሰረታዊ ፍታሕ ክልቲአን ሃገራት ክርከብ ተኻኢሉ።

ገስገስቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ህዝቢ እትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራንከ፡ ኣብ ሕቶ ኤርትራ ከምዞም ገስገስቲ ሓይልታት ደቂ ስዊድንን ደቂ-ኖርውይን እንታይ ኣዎንታዊ እጃም ኣበርኪቶም? ካብዚ ታሪኻዊ ኣብነት'ዚ ክንግንዘብ ኣንኽእል እምብኣር፡ ጥቕሚ ምድልዳል ሓድነት ገስገስቲ ህዝብታትን ሓይልታትን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ መንግስቲ ጥራሕ ተጠርኒፍካ ንምንባር ዘይኮነስ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጨቋኒ መንግስቲ ዝነበሩ ክልተ ህዝብታት፡ ብልፍንትን ብሓባርን፡ ነቲ ንክልቲኦም ዝጭቁን ዝነበረ መግዛኣቲ በቲኖም፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ክልቲአን ሃገራትውን ከረጋግጹ ስለዝኽእሉ'ዩ። እዚ ኣብነት'ዚ'ኸ ኣብ መንጎ ህዝቢ እትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ተራእዩዶ? ገስገስቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ብሓቂ ንድሕነት ክልቲኡ ህዝብታት ክሓስቡ ኣንተጀሚሮም ሕጂውን ክትግበር ጸገም ኣይኮነን። ስለዚ ሓድነት ገስገስቲ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን፡ ክድልድል እንተድኣ ኮይኑን፡ ንሓዋሩ ከኣ ህዝቦም ፍታሕ ክረኽቡ እንተድኣ ኮይኖም፡ ኣብ መንጎኦም ዝተፈጥረ ዘይምትእምማንን ምቅሕሓርን ጠንቅታት ደልዮም፡ ካ ግዳማዊ ሓይሊ ከይተጸበዩ፡ ባዕሎም ብቕኑዕ ምስዝውገዱ ጥራሕ እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ክዕወት ኣንተድኣ ኮይኑ ከኣ፡ ኣቐዲምካ ነቶም ቀንዲ ጠንቂታት ምቅሕሓር ናይዚ ክልቲኡ ህዝቢ ዝኾኑ ክልለዩ ግድነት ይኸውን። ቀዳማይ ጠንቂ፡ እቲ ቅድሚ ሕጂ ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘውረድዎ ግፍዒታትን ጭቆናን እዩ። እቲ ብሕልፊ ብሕልፊ ዓቢ ኣቓልቦ ገይርና ክንርድኦ ዝግባእ ጉዳይ ግን፡ ብዙሓት ገስገስቲ ኢና ብሃልቲ ኢትዮጵያውያን፡ ግሉጽን ዲሞክራስያዊን መርገጽ ወሲዶም፡ ኣብ ጉኒ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብቕንዕናን ብዘተኣማምንን ደው ክብሉ ብዘይምኽኣሎም እዩ። እቲ ካብ ኵሉ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ከኣ፡ ገስገስቲ ኢና ብሃልቲ ኢትዮጵያውያን ሓይልታት፡ ግሉጽ ትምክሕታዊ መርገጽ፡ ወይ ብገስገስቲ መሰል ቃላት ዝተሸፈኑ፡ ትምክሕታውያን ኣረኣእያታት፡ ኣብቲ ሕቶ ኢርትራ ሓደ ስኒ ክሳብ ዝተርፎም ነኺሶም ጠጠው ምባሎም እዩ። ገዛኣቲ ደርብታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ህዝቢ ተስፋሕፊሑ ዘሎ ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ተንጠልጢሎም፡ ዕድመ ስልጣኖም እናናውሑ፡ ንባዕሎም ዋርድያታት ዓሰብን ምጽዋዕን ገይሮም ብምቕራብ፡ ኣብ ክንዲ መሰረታዊ ፍታሕ ዘናድዩ፡ "ዋላ ትንፈር እምበር በጊዕ'ያ"፡ እናበሉ ንረብሓ ክልተኡ ህዝብታት ኣወጊኖም ንስልጣኖም ጥራይ ከራጉዱ ንመዋእል ጸኒሖም'ዮም።

እቲ ካብ ኵሉ ዘገርም ግን፡ ንባዕሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ብቕኑዕ ፈቲሑ፡ ካብ ዝተፋላለዩ ውሽጣውያን ጭቕናታትን ምዝመዛን ንምንጋፍ፡ ሓቂ ሒዙ ኣንጻር ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ መታን ከይቃለስ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ሓሊኹ ሒዝዎ እዩ። ገስገስቲ ሓይልታት ኢትዮጵያውያን እንተኾኑውን፡ ነዚ ሽጣራ ገዛእቲ ደርብታት እትዮጵያ ብትብዓት ተቓዊሞም፡ ከምቶም ገስገስቲ ሓይልታት ኖርወይን ስዊድንን፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእቲ ደርብታቶም ዝተጻወትዎ ግደ፡ ክሳብ ሕጂ ብቕኑዕ ኣይተራእዩን። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ፡ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝቢ ተፈጢሩ ዘሎ ምቅሕሓርን ዘይምትእምማንን ተወጊዱ፡ ሓቀኛ ሓድነት ኣብ መንጎ ህዝብታትን ገስገስቲ ሓይልታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ክድልድል ምኽኣለ ነይሩ። ሎሚ ከኣ ክልቲኦም ሃገራት ከምተን ክልተ ሃገራት ነርወይን ስዊድንን በጺሐንኦ ዘለዋ ምዕባሌ እኳ እንተዘይበጽሓ፡ ህዝብታት ክልቲአን ሃገራት፡ ከምዓቕሙ ጸጊቡ ምሓደረን ወለድኡ ከኣ ካብ ምጽናት ምድሓነ ነይሩ። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዘሎ ሃገራዊ ጭቆና፡ ፈጺሙ እንተጠፊኡን፡ ገስገስቲ ኢትዮጵያውያን'ውን ብወገኖም፡ ብሓቂ ፈተውትን መሓዙትን ህዝቢ ኤርትራን፡ ገስገስቲ ኢርትራውያንን ምኳኖም፡ ብተግባር፡ ዘየወላውል መርገጻት ክወስዱ እንተክኢሎም ጥራሕ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ርብሓ ንግዳማዊ ሓይሊ፡ እቲ ክሳራ ከኣ ንክልቲኡ ህዝብታት ኮይኑ ጥራሕዩ ክተርፍ። ዕድመ እንተሂቡና ክኣ ከነድግመሉ ኢና።

**ይቕጽል።**